# መምርሒ ሕጊ መንበሪ ቦታ:
# መሰልኩምን ግዴታኩምን ኣብ ቅድሚ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“

ከም ስደተኛ ወግዓዊ ተቀባልነት ዝረኸብኩም፣ መሰል ናይ ዕቁባ ዝተወሃበኩም፣ ሃገራዊ ወይ ኣህጉራዊ ዝኾነ ብኻልኣይ ደረጃ ዝርአ መሰል ዕቑባ ዝግባኣኩም ወይ ካልእ ነዚ ዝመሳሰል ናይ ዕቁባ መሰል እንተተዋሂቡኩም፡ ምስኡ ከኣ **ሓገዝ** ዘድልየኩም እንተኮይኑ፡ በዚ መሰረት መንግስታዊ ናይ ደገፍ ኣገልግሎት ክትረኽቡ ተኽእሎ ኣሎ። ዕድመኹም ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ እንተ ኮይንኩም እዚ ደገፍ ንምርካብ ኣብ **ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“** መመልከታ ይቀርብ።

### ኣብዚ ጉዳይ እንታይ ኣሎ ብፍሉይ ክትጥንቀቕሉ ዘለኩም?

- ኣብቲ ትነብርሉ ቦታ ኣብ ዝርከብ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ መመልከቲ ተቕርቡ።
- ኣብ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ትኽክል ዝኾነ ሓበሬታ ትህቡ ምስኡ'ኸኣ ዝተሓተትኩሞ ወረቃቕቲ ተረክቡ።
- ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ኣብ መስርሕ ምውህሃድን ስራሕ ኣብ ምድላይን ይተሓጋገዘኩም። ንስኹም ከኣ ብወገንኩም ምትሕብባር ክተርእዩ ይግባእ። ንኣብነት ምስ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ቆጸራ ምስ ዝህልወኩም ኣብ ቆጸራኹም ትመጹ ከምኡ'ኸኣ ኣብ ዝግበር ተግባራዊ ስጉምትታትን ኮርስን ትካፈሉ። እዚ ንምግባር ዘይጥዕመኩም እንተኾይኑ፡ ንማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ብምሕባር፡ ስለምንታይ ክትካፈሉ ከም ዘይትኽእሉ ከኣ መርዳእታ ተቕርቡ።
- ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ኣብ ዝኾነ መዓልቲ ክረኽበኩም ከም ዝኽእል ክትገብሩ ይግባእ። ክትገሹ ምስ እትደልዩ ኣቀዲምኩም ብዛዕባ ኣዚ ምስ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ክትዘራረብሉ ይግባእ
- መምርሒ ሕጊ መንበሪ ቦታ ንዓኹም ዘመልከት ምስ ዝኸውን፡ ነቲ መምርሒ ክትክተልዎ ይግባኣኩም። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ በራሪ ናይ ጽሑፍ ወረቀት ትረኽቡ።

### „Wohnsitzregelung“ ማለት „መምርሒ ሕጊ መንበሪ ቦታ“ እንታይ ማለት እዩ?

- ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛ ዜጋታት፡ ኣብ ሃገረ ጀርመን ኣበይ ቦታ ክትነብሩ ከም ዝግባኣኩም ባዕሉ ውሳኔ ከመሓላልፍ መሰል ኣለዎ።
- እዚ መምርሒ ሕጊ መንበሪ ቦታ ዝብል ንዓኹም ዝትንክፍ ጉዳይ ይኹን ደኣ እምበር፡ ኣብ ምሉእ ሃገር ጀርመን ንክትገሹ ግን ይፍቀደኩም እዩ። ግን ከኣ፡ ካብ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ደገፍ ትቕበሉ እንተኮይንኩም፡ ቅድሚ ምጋሽኩም ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ከፍቅደልኩም ኣለዎ።

### እዚ መምርሒ ሕጊ መንበሪ ቦታ ዝብል፡ ንዓኹም ዘመልከት ምኽኑ ብኸመይ ትፈልጡ?

እዚ ጉዳይ ምስቲ  ዘቕረብኩሞ መመልከቲ ሕቶ-ዑቕባኹም ዝረኸብኩምሉ ናይ ተቀባልነት (Anerkennung) ዕለት ዝተታሓሓዘ እዩ:

**1.1.2016** → **6.8.2016**

ተቀባልነት ቅድሚ
**1.1.2016:**

መምርሒ ሕጊ መንበሪ ኣይምልከትን

ፍሉይ:ኣብ መንበሪ ፍቃድ ወረቀትኩም ወይ ኤሌክትሮኒካዊ  ካርድ መንበሪ ፍቃድኩም  መምርሒ ሕጊ መንበሪ ተጻሒፉ ይርከብ።

ተቀባልነት ኣብ መንጎ ዕለት
**1.1.2016 -5.8.2016**

**+ ምቅያር ገዛ ወይ ትነብርሉ ዓዲ** ድሕሪ ናይ ዑቅባ ተቀባልነት ምርካብ ኣይፍቀድን መምርሒ ሕጊ መንበሪ ኣብቲ ከም ስደተኛ ተቀባልነት ዝረኸብኩምሉ ናይ ዞባ ምምሕዳር የገልግል።

**+ ምቅያር ገዛ ወይ ምቅያር ትነብርሉ ዓዲ** ድሕሪ ናይ ተቀባልነት ምርካብ ናብ ካልእ ዞባዊ ምምሕዳር:➔ መምርሒ ሕጊ መንበሪ ኣብቲ ዝቀየርኩምሉ ናይ ዞባ ምምሕዳር የገልግል።

ፍሉይ ኣብ NRW፡ ናብ ምምሕዳር ዞባ NRW እንተቀይርኩም፡ ናይታ ተቀባልነት ዝረኸብኩምላ ምምሕዳር ዞባ መምርሒ ከም ዘለዎ ይጸንሕ። በዚ ጉዳይ ከኣ ሓበሬታ ይወሃበኩም።

ተቀባልነት ካብ ዕለት
**6.8.2016:**

ኣብዚ ናይታ ተቀባልነት ዝረኸብኩምላ ምምሕዳር ዞባ መምርሒ ሕጊ መንበሪ ኣብ ኣገልግሎት ይውዕል።

ሓበሬታ: ኣብ ገለ ኩነት እቲ እቲ ዝተመደበ ቦታ ካብቲ መምርሒ ሕጊ መንበሪ ዝእዝዞ ቦታ፡ ዝተፈልየ ኮይኑ ክርከብ ይኽእል። እዚ ምስ ሰነዳት ናይ ተቀባልነት ናትኩም ወይ ምስ ኤሌትሮኒካዊ ካርድ ናይ መንበሪ ፍቃድኩም ዝተኣሳሰረ እዩ። ዘይበርሃልኩም ነገራት ምስ ዝህሉ ንቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛ ዜጋታት ብምውካስ ሕተቱ።

Das Förderprogramm „Integration durch Qualifizierung (IQ)“ wird durch das Bundesministerium für Arbeit und Soziales gefördert.

Bundesministerium für Arbeit und Soziales
In Kooperation mit:
Bundesministerium für Bildung und Forschung
Bundesagentur für Arbeit

**ኣብቲ ክትነብርዎ ዝተወሰነልኩም ገዲፍኩም፡ ኣብ ካልእ ምስ እትነብሩ እንታይ ሳዕቤን ክምጻልኩም ይኽእል?**

- ናይ መቕጻዕቲ ክፍሊት (ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ካብ 5 ክሳብ 1000 Euro)ንኽትከፍሉ ክትግደዱ ትኽእሉ።
- ካብ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ደገፍ ትወሃቡ እንተኮይንኩም ክቑረጸኩም ወይ ብምሉእ ደው ክብል ይኽእል። ተወሳኺ ሓበሬታ ክስዕብ እዩ።

**እዚ** መምርሒ ሕጊ መንበሪ ንኹሉ ድዩ**?**

ኣይፋሉ።

ንኣብነት ኣብ ከምዚ ዝስዕብ ጉዳይ ኣይስራሓሉን፡ እንተ ንስኹም፣ በዓል/ቲ ቤትኩም ወይ ትሕቲ ዕድመ ወድኹም

- ኣብ ሰሙን እንተወሓደ 15 ሰዓታት ስራሕ ምስ ዝህልወኩም ወይ ኣብ ወርሒ ካብ 710 Euro ንላዕሊ ምስ ተእትዉ።
- ኣብ ናይ ሞያ-ትምህርቲ ወይ ኣብ ላዕለዋይ ደርጃ ትምህርት ምስ እትህልዉ።

| |
|---|
| ምስ'ዚ ዝቑጸር እውን፡ ምስ ኣንፈት ሞያ ዝተኣሳሰረ ናይ ተካፋልነት ስጉምቲ ወይ ንሞያዊ ትምህርቲ ንምጅማር ተባሂሉ ዝግበር ናይ ሞያ ስራሕ ምቅርራብ፣ ንላዕለዋይ ደረጃ ዝኸውን ናይ ቋንቋ ኮርስ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ላዕለዋይ ትምህርቲ መጽናዕቲ ምክፋል። |

ነዚ ጉዳይ ብዘመልከት ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛ ዜጋታት ተወሳኺ ሓበሬታ ክህበኩም ይኽእል። መምርሒ ሕጊ መንበሪ ንዓኹም ዘመልከት ኣይኮነን ትብሉ እንተኮይንኩም፡ ኣብ ቅድሚ ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛ ዜጋታት፡ ሓደ መመልከቲ ከተቕርቡ ይግባእ።

**ኣብ ጉዳይ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ብፍላይ ኣብ መንታይ ክትጥንቀቁ ይግባእ?**

! ሓገዝ ንኽወሃበኩም ኣንተ ደሊኩም ናብቲ ክትቕመጥሉ ዝተመደበኩም ቦታ ዝርከብ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ መመልከቲ ተቕርቡ። ዝተመደበልኩም መምርሒ ሕጊ መንበሪ ንምሉእ ዞባዊ ምምሕዳር ዘገልግል ኣንተኮይኑ፡ ኣብ ምሉእ ዞባ ሓደ ቦታ መሪጽኩም ሓገዝ ንኽወሃበኩም መመልከቲ ከተቕርቡ ትኽእሉ።

**ኣብ ጌጋ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ሓገዝ ንኽትረኽቡ መመልከቲ ምስ ተቕርቡ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ?**

- ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ መመልከቲ ናትኩም ተቀቢሉ ኣየናይ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ንጉዳይኩም ዝምልከቶ ከም ዝኾነ የጻሪ።
- ሓገዝ ዝወሃበኩም ብመሰረት መምርሒ ሕጊ መንበሪ ኣብ ዝተመደበልኩም መንበሪ ቦታ ምስ እትነብሩ ጥራይ እዩ ሓገዝ ክወሃበኩም ዝኽእል።
- ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ኣበይ መመልከቲ ከተቕርቡ ከም ትኽእሉ ይሕብረኩም። እዚ ማለት፡
  - » ኣብ ሓደ ውሱን ዞባ ክትነብሩ ምስ እትግደዱ፡ ኣብቲ ዞባ ባዕልኹም ሓደ ዓዲ ክትመርጹ ትኽእሉ። ዝመረጽኩሞ ዓዲ ን ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ትሕብርዎም ድሕር'ዚ ዘቕረብኩሞ መመልከቲ  ናብቲ ኣብቲ ዓዲ ዘሎ ዝምልከቶ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ይስደድ።  ኣብቲ ዝመረጽኩሞ ዓዲ ክትቕመጡ ምስ እትጅምሩ ምስኡ'ኸኣ ናብ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ብምኻድ ምስ እትምዝገቡ፡ ካብኡ ደገፍ ክትወስዱ ትጅምሩ። መንብሪ ቦታ ምስ ዘይትሕብሩ ምስ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ተሓባቢርኩም ምስ ዘይትሰርሑ፡ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ዘቕረብኩሞ መመልከቲ ክንጽጎ ይኽእል ብኡኡ ምኽንያት ከኣ ዝኾነ ዓይነት ደገፍ ኣይወሃበኩምን።
  - » ናይ ግድን ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ክትነብሩ እንተኾይንኩም ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ኣብቲ ትነብርሉ ቦታ ንዝርከብ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ዘቕረብኩሞ መመልከቲ የመሓላልፎ። ደገፍ ክወሃበኩም እንተደሊኹም ኣብቲ ቦታ ዘሎ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ክትምዝገቡ ይግባኣኩም። ካልእ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ዝኾነ ዓይነት ደገፍ ክህበኩም እይኻልን እዩ።
- ምእንቲ ናብቲ ዝተመደበልኩም መንበሪ ቦታ ክትከዱ ክትኽእሉ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ንመገሻ ዝኸውን ሓገዝ (ንኣብነት ንመጎዓዝያ ዝኸውን ትኬት) ንክገብረልኩም ከፍቅድ ይኽእል።
- ትእዛዝ መምርሒ ሕጊ መንበሪ ንዓኹም ዘመልከት ድዩ ዘየመልከት ርግጽ እንተዘይኮይኑ ወይ ኣበይ ክትነብሩ ከም ዝኾንኩም ጌና ዘይተረጋገጸ እንተ ኮይኑ፡ ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ክሳብ እዚ ዝጻረይ ናይ ሓገዝ ኣገልግሎት ይገብረልኩም።

**ዝኾነ ሕቶታት ኣለኩም?**

ማእከል ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ዕዮ „Jobcenter“ ወይ መማኸሪ ነቑጣታት ናይ ቦታኹም ክሕግዝኩም ድልዋት እዮም።

Das Förderprogramm „Integration durch Qualifizierung (IQ)“ wird durch das Bundesministerium für Arbeit und Soziales gefördert.

Bundesministerium für Arbeit und Soziales
In Kooperation mit:
Bundesministerium für Bildung und Forschung
Bundesagentur für Arbeit